# ዓይንኻ ክፈቶ ዝተዓመተ

ሎሚ ዘይመከተ ይጽዋዕ ዝሞተ
ብገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን/ቆርጂ/ጀርመን
13. ግንቦት 2009

ተጣበጥቲ ሽፋቱ ኣበይ ዘብዘብ
ዕሩባት ሕልና ግዙኣት ናይ ገንዘብ
ተበለጽቲ ጠላማት ዘይሰብ ማዕተብ
ርግቢት ክኾኑልና ኣዉጺኦም መንገብገብ
ንጹሃት ክመስሉ ዘይብሎም መንቀብ
ዓገብ ንምባሉ ዝብሎም ገብገብ
ብኀነጽ ንምልጋሱ እትኮኖም ዓቑብ
ኣብ ኩሉ ዝሰልኩ ከም ሕማም ተላገብ
ካብዚኣቶም ለዉጢ'ስ ዘይሕሰብዩ ዘይሕሰብ።

    ምስ ህግደፍ ወጊንኩም እንዳባደመት ሃገር
    ምህርቲ ገባሮ እንዳረኤኹም ክህገር
    ንህዝብና ሓንቂቑ እንዳበለ ክምድር
    ዘይዉርዙይ ከቢሩ ዝሓስር
    ንህዝቢ ኣጥሞዩ ንነብሱ ዝሃጥር
    ንጳጳስ ንሙፍቲ ዝዝልፍ ዝደፍር
    ንሽኻት ንኣቅቅሽሽቲ ዝቅንጽል ዝኣስር
    ባዕሉ ዘዉርዶም ዝሸሞም ዘይሓፍር።

ሓሶት ዘየሕፍሮ ተሓባኒ
ልእላዉነት እንዳበለ ዘማኻኒ
ህዝቡ እንዳተሰርዔ ንኽልተ ባኒ
መን ከማይ ባሃላይ ንበይኑ ዘዕነኒ
ምስሉይ መታለሊ ሃገር በታታኒ
ዝበለ እንተበለ የብሉን ኣማኒ።

    ንጹር እዩ እቲ ናትኩም ጉዕዞ
    ህግደፍ እንዳተሳሕገ ትብሉ ንማእዘዞ
    ኣሕዋትና ኢና እንዳበልካ እትቁንዞ
    እንዳሞተ ኀበዝ ኀርዞ
    ህዝቢ እንዳጸነተ ትዋራዞ
     ንዕርቂ ትጓየ ትማሓዞ
    ኣታ ዘይስቆሮ ዘይዓዞ
    ንህዝበና እንዳፈናቐሎ ካብ ዓዱ እንዳግዓዞ፡

ወይልኡ ኣብዛ ሕማኽ  እዋን ዘንሻተተ
ሃገር ብምልኡ እንዳ ተዘምተ
ዓይንኻ  ክፈቶ ዝተዓመተ
መንእሰይ ምስ፡  ዓቢ እንዳጽነተ
ሎሚ ዘይመከተ ይጽዋዕ ዝሞተ
ንህዝብና ንምድሓን ይድለ'ሎ መኸተ

ኣይንበርን'ዩ ብምኽንያት ብታተ
ዓድታት እንዳፈናቐለን ንባርካ ጋሸ ንሰቲተ
ምስቶም ደቂ መሬት  ከይተዛተ
ንኸልቲኣም ኢጋጭዩ ዕላምኡ ከዐዉተ
መታን ኣብኡ ገጾም ኬይገብሩ ጠመተ
ብኽምኡዩ ዝነብር ዝሳለ ዝታተ።

ንህግደፍ ኣብታ ዝኽዓታ ጉድጓድ ንምድፋኑ
ንህዝብና ከአ ንምድሓኑ ንራባረብ
ዓወት ንህዝብና